# እምነትኩም ኣይነዕብርን!

ማሕበርኩም፣ማሕበረ ልምዓት ትግራይ-ጨንፈር ዋሽንግተን ዲሲ ሚያዚያ 16 ኣብ ሃዋርድ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝነበረ መጣየሺ መድረኽ እንደገና ከምሓዱሽ ትንፋስ ዘሪኣ፣ ሓዱሽ ኣመራርሓን መንፈስን ሒዛ ምንቅስቓስ ጀሚራ'ላ። እንሆ ድማ ኣባላታን ደገፍታን እናሳተፈት ኣብ ልምዓት ትግራይ ብፅሒታ ክተበርክት ኩሉ ዓይነት ምቅርራባት ኣብ ምግባር ትርከብ። ነቶም ዝተውሃብዋ ዕማማት ንክትፍጽም ናብ ተግባራዊ ስራሕቲ ምእታው ምጅማራ'ውን በዚ ኣጋጣሚ ትገልፅ።

ኣብዚ እዋን ንተግባራት ጨንፈር ማሕበርና ክናተሓባብር ሕድሪ ዝተቐበልና ኣባላት'ታ ዝቖመት ኮሚቴ'ውን ክሳብ ብኻልእ ኮሚቴ እንትካእ ዝተውሃበና ሓላፍነትን ተግባርን ንምፍፃም ብሙሉእ ልብን ሓቦን ክንቀሳቐስ ምዃንና ክነረጋግፀልኩም ንደሊ። ኣብ ኩሎም ምንቅስቓሳትና ንሕግታት ማሕበርናን ንዓኻትኩም ንኣባላትናን ጥራሕን፣ጥራሕን ምእዙዛት ክንከውን ኢና። ኣብቲ ኣኼባ ዘርኣኹምና ሓቦኛን ሕውነታውን መንፈስ ብዝካኣለና ኩሉ ክንውፈ ኒሕ ዝወሰኽልና ኣጋጣሚ ነይሩ።

"ኣደ ክትጉዳእ ወይ ክትፅገም እንከላ ክድግፉዋ ዝመፁ ኩሎም ዝተወልዱ ደቃ እዮም።" እዞም በላሕቲ ቃላት እዚኦም ኣበይን ብመንን ከምእተነገሩ ዝነበርኩም ትዝክሩ ትኾኑ።  ኣብቲ መጣየሺ ኣኼባና ዝተሳተፈት ሓንቲ ሓፍትና ዘሕለፈቶ ብርቱዕ መልእኽቲ'ዩ ነይሩ። እማን! ኣዴኻ ንምድጋፍ እተቕርቦ ቅድመ ኹነት ክህሉ ኣይግባእን። ነዚ ዓሙዪቕ ትርጉም ዘለዎ መልእኽቲ ዝተዛረበት ሓፍትና ለምለም ትበሃል። ለምለም ኣብቲ ነዚ በሊሕ ኣንደበታ ዘስመዐትሉ መድረኽ ናይዚ ኮሚቴና ኣባል ኣመራርሓ ክትከውን ተመሪፃ። ኣብ ኮሚቴና ድማ ተሓዚት ገንዘብ ኮይና ትሰርሕ'ላ። ከም ለምልም ዝበሉ ለባማት ኣባለት ብምሓዙ ኮሚቴና ኣዚዩ ይሕበን።

ኩሉኹም ኣብቲ መጣየሺ ኣኼባ ዝተሳተፍኩም ከምትዝክርዎ ኣብቲ መድረኽ ጎሊሁ ዝተሰመዐ መሪሕ መልእኽቲ "ልምዓትናን ሓድነትናን ነጠናኽር" ዝብል'ዩ። ልምዓት እቲ ቐንዲ ናይ መወዳእታ ዕላማ ኮይኑ፣ ሓድነት ድማ ናብኡ ዘብፅሕ መገዲ'ዩ። ናይ ልምዓት ተስፋን ጨርሖን ንባዕሉ ኣብኡ እንተሎ ሓደ ዝገብርን ዘታኣኻኽብን ብምዃኑ ድማ ልምዓትን ሓድነትን ዘይነፃፀሉ ኣምራት'ዮም። ንማሕበርና ናይ ልምዓትን ሓድነትን ተምሳሌት ንምግባር ጨንፈር ዋሽንግተን ዲሲ ብትኩር መንፈስ ክትሰርሕ'ያ።

ማልት-ዲሲ ናይ ርሑቁን ናይ ቀረባን ተልእኾታት ዝብሉ ክልተ ዓበይቲ መርሃ ግብርታት ነፂራ'ላ። እቲ ናይ ቀረባም ቅልጡፍ ናይ ኣባላት ርብርብን ዝጠልብ መደብ ነተን ብዕፃ ዝበፀሓና ኣብ ራያ ዝስርሓ 4 ቀዳማይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ መስርሒ ዝኸውን 140 ሽሕ ዶላር ምትእኽኻብ'ዩ። ነዚ ዝኸውን ገንዘብ ንምርካብ ዝተፈላለዩ ሜላታት ምምሃዝ ከድሊ'ዩ። እቲ ቐንድን ዘታኣማምንን ምንጪ ግን ንሱ እቲ ካብ ኣባላትን ደገፍትን ዝርከብ ወፈያታት'ዩ። ኩሉኹም ኣባላትን ደገፍትን ነዞም ተወጢኖም ዘለው ኣብያተ ትምህርቲ ራያ መህነፂ ዝኸውን ገንዘብ ንምትእኽኻብ ኮሚቴና ንዘገብሮ ፃዕሪ ብተገዳስነት ንክትሕግዙ መፀዋዕታን ምሕፀንታን ነቕርበልኩም።

እቲ ካልኣይን ናይ ነዊሕ ጊዜን መርሃ ግብሪ ዝበልናዮ ድማ ማልት ጨንፈር ዲሲ ንሓዋሩ ድልድልቲ ኢንስቲትዩሽን ልምዓትን ሓድነትን ኮይና ናይ ኣባላታን ደገፍታን ባህጊ ልምዓት ንምርዋይ ናይባዕላ ፕሮጀክቲታት እንቐረፀት እተፈፅም፣ ብጊዚያዊ ፖለቲካዊ ነፋሳት ዘይትዝረግ፣ ካብ ወለዶ ናብ ወለዶ ተልእኾታታ እናመዓራረየት እትቕፅል ማሕበር ንምግባር ዘልእሉ መሰረታት ምንፃፍ'ዩ።

ኣብ ዋሽንግተንን ከባቢኣን እትርከቡ ፈተውቲ ልምዓት ዓድኹም ኣሓትን ኣሕዋትን ኩሉኹም ነዞም ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮም ዕላማታት ኣብምትግባር ብኹሉ ዓቕምኹም ሓግዙ፣ ተሳተፉ፣ ንህፃናት ትግራይ መገብቲ ተስፋ ኹኑዎም፣ መብራህቲ ህዝብኹም ኩኑ።

ማልት-ኮሚቴ ቻፕተር ዲሲ፣ 04/28/06